# ዘለዓለማዊ ህይወትዶ ኣሎካ?

---

**ሕቶ፡ ዘለዓለማዊ ህይወትዶ ኣሎካ?**

**መልሲ፡** ናብ ዘለዓለማዊ ህይወት ዝወስድ ሓደ ብሩህ መገዲ ቅዱስ መጽሓፍ የርእየና። ብቐዳምነት ንኣምላኽ ከምዝበደልና ክንኣምን ኣሎና፡ “ከመይ ኵሎም ስለ ዝኃጥኡን ካብ ክብሪ ኣምላኽ ስለ ዝረኃቑን” (ሮማ. 3፡23)። ኲላትና ንኣምላኽ ባህ ዘየብሉ ነገራት ገበርና፡ መቕጻዕቲ ድማ ይግበኣና። ኩሎም ሓጢኣትና ኣብ መወዳእታኡ ኣንጻር ዘለዓለማዊ ኣምላኽ ስለዝኾኑ፡ ዘለዓለማዊ መቕጻዕቲ እዩ ዝደረጎም። “ከመይ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታና ናይ ዘለዓለም ህይወት እዩ” (ሮማ. 6፡23)።

ግናኸ፡ እቲ ሓጢኣት ዘይብሉ ኢየሱስ ክርስቶስ (1 ጴጥ. 2፡22) ዘለዓለማዊ ወዲ ኣምላኽ ክንሱ ሰብ ኰነ (ዮሓ. 1፡ 1, 14) በጃ ሓጢኣትና ክቕጽዓልና ድማ ኣብ ክንዳና ሞተ። “ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፥ ኣምላኽ እታ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ” (ሮማ. 5፡8)። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ሞተ (ዮሓ. 19፡ 31-42)፡ ንዓና ዝግባእ መቕጻዕቲ ድማ ንሱ ተፈደየ (2 ቆሮ. 5፡21)። ዓወቱ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን ሞትን ብምምስካር ድማ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ካብ ምዊታት ተንሰአ (1 ቆሮ. 15፡ 1-4)። “ንኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ብምትንሣኡ ሕያው ተስፋ ዝሃበና፥ ብብዝኂ ምሕረቱ ብሓድሽ ልደት ውሉድ ዝገበረና ኣምላኽ፥ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይመስገን” (1 ጴጥ. 1፡3)።

ብዛዕባ ክርስቶስ ዘሎና መረዳእታ መን ምዃኑ፡ እንታይ ከም ዝገበረን ንምንታይን [ምእንቲ ድሕነት (ግ.ሓ. 3፡19)] ከምኡ ከምዝገበረን ኣእምሮ-ልቦና ክንቅይር ይግባእ። ኩሉ እምነትና ኣብ ክርስቶስ እንተደኣ ኣንቢርና፡ ምእንቲ ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ከም ዝሞተ እንተደኣ ኣሚንና፡ በደልና ኩሉ ክሕደገልናን እቲ መብጽዓ ዘለዓለማዊ ህይወት ኣብ መንግስተ-ሰማያትውን ክንረክብን ኢና። “በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፥ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ” (ዮሓ. 3፡16)። “ስለዚ ብኣፍካ ‘ኢየሱስ ጐይታ እዩ’ ኢልካ እንተ መስከርካ፥ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምውታት ከም ዜተንሰኦ እንተ ኣመንካ፥ ክትድሕን ኢኻ” (ሮማ. 10፡9)። እቲ ውዱእ ስራሕ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምእማን ጥራይ እዩ እቲ እንኮ መገዲ ዘለዓለማዊ ህይወት። “ንክርስቶስ ብምእማን ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን። ሓደ እኳ ከይምካሕሲ ብግብሪ ኣይኮነን” (ኤፌ. 2፡ 8-9)።

ንክርስቶስ ከም ውልቃዊ መድሓኒኻ ክትቅበሎ እንተድኣ ደሊኻ፡ ሓደ ኣብነት ናይ ጸሎት ካብዚ ስዒቡ እነሀልካ። ኣስተውዕል፡ እዚ ጸሎት ስለዝደገምካ ወይ ካልእ ጸሎት ስለዝገበርካ ጥራይ ኣየድሕነካን እዩ። ኣብ ክርስቶስ እምነትካ እንተደኣ ጌርካ ጥራይ እዩ ካብ ሓጢኣት ክድሕነካ ዝኽእል። እዚ ጸሎት ንኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎካ እምነት እትገልጸሉን ንድሕነትካ ምብጃዊን ንምምስጋን ጥራይ እዩ። “እግዚኣብሄር፡ ኣብ ቅድመኻ ከም ዝሓጣእኩን መቕጻዕቲ ከምዝግበኣንን እፈልጥ። ግናኸ ኣብኡ ብምእማን ሕድገት-ሓጢኣት ክረክብ ኢሉ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ በጃይ ተቐጽዓለይ። ከም ዝድሕን ኣብ ልዕለኻ ምሉእ እምነት ኣሎኒ። ስለቲ ዘደንቕ ጸጋኻን ምሕረትካን [ህያብ ዘለዓለማዊ ህይወት] አመስግነካ! እሜን!”

Apostolische Pfingstgemeinde Mannheim
Friedelsheimerstr. 18-20
D - 68199 Mannheim (Neckarau) /Germany
Pastor Raymond Wey
Assistent Pastor Sascha Wey
www.jesus-is-god.de, www.v-p-m.de